
# ኣብ ክፍለ ሃገር በርን ሓቢርካ ውሑስ ምዃን

እንቋዕ ብድሓን መጻኹም! ሰባት ናይ ስዊዘርላንድ ንሓድሕዶም ይኸባበሩ እዮም ከምኡ’ውን ኣብዚ ዝዝውተሩ ሕግታት የኽብሩ እዮም። እዚ ድማ ንሰለማዊ ዝኾነ ብሓባር ምንባር መሰረት እዩ።



# ኣብ ክፈለ-ሃገር በርን ከምይ ኢልና ብውሕስነትን ብሰላምን ብሓባር ከም እንነብር ኢዩ


ኣብ ስዊዘርላንድ ዘለዉ ሰባት ካብ ዝተፈላለየ
መበቈል ኢዮም። ንሰላማዊ ዝኾነ ብሓባር ምንባር ሕግታትን ኣብ መንጎ
ሰባት ዘሎዉ ሕጋጋትን ክኽበሩ ኣለዎም።ኩሎም ሰባት ኣብ ስዊዘርላንድ
ብሕጊ ዝተወሃቦም መሰላትን ግዴታታትን ኣለዎም።


**እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ መሰላት ኣብቲ ፈደራል ቅዋም ጽሑፋት ኢዮም። ንኣብነት፥**

> ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም። ምፍልላይን ዓሌታውነትን ክልኩል እዩ።

> ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕረ መሰል ኣለዎም።

> ኩሎም ሰባት ኣብ ሃይማኖቶምን ንጥፈት እምነቶምን ነጻ እዮም።






## ፖሊስ ኣብ መዓልታዊ ሕይወት

ፖሊስ ኣብ ናይ መዓልታዊ ናብራ ኣብ ስዊዘርላንድ ብጽቡቕ ዝተኣሳሰሩ ኢዮም፣ ንድሕነት ሃገርና ድማ ኣገዳስቲ እዩ።
ናይ ፖሊስ ዕማም ኩሎም ሰብ ኣብ ስዊዘርላንድ ምሕላውን፣ ሕግታት ምትግባርን ገበናት ምኽትታልን እዩ። በዚ ምኽንያት ፖሊስ ዋላ ናይ ሰባት መንነት ንምርግጋጽ ክሓትት ይኽእል'ዩ።
እንተ ደኣ ተሓቲትኩም፣ መንነት ወረቐትኩም ከተርእዩ ኣለኩም ወይ ከኣ ብካልእ መገዲ መንነትኩም ክተረጋግጹ ኣለኩም።

> ሓሶት ዝኾነ ቃል ምሃብ ዘቕጽዕ እዩ።

> ፖሊስ ንተወሰኽቲ መግለጺታት ኣድላይ ምስ ዝኾውን ናብ መደበር ፖሊስ ክወስዱኹም መሰል ኣለዎም።

> ፖሊስ ዝኾነ ገበን ንክፈትሑ ወይ ንክውግዱ ክዳንኩምን ጁባታትኩምን ሳንጣኹምን ካልእ ዝተማልኣኹም ኣቕሑን ክፍትሹ ይፍቐደሎም።

ዋላ ፖሊስ ሕግታት ክኽትል ኣለዎ ከምኡ'ውን ብፍትሒ ክሰርሕ ኣለዎ።

> ምኽንያት ናይቲ ኣብቲ ሰብ ዝግበር ፈተሻ (ጭቡጥ ነጥቢ) ክፍልጡ ኣለዎም።

> ናይ ፖሊስ ኣልባሳት ዘይተኸድኑ ኣባል ፖሊስ (ሰብኡት ወይ ኣንስቲ) ናይ ፖሊስ መንነቶም ከርእዩ ኣለዎም።


ብፖሊስ ዝግበር ፍተሻ ሰብ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ኮይኑ ኣንተ ተሰሚዕኩም፥ ስም ናይቲ/ታ ፖሊስ ሕተቱ ኢኹም ከምኡ'ውን ዕለትን ግዜን ቦታን ጸሓፉ ኢኹም።

እቲ ዝጋጠመኩም ኣብቲ ጨንፈር ጥርዓን ናይ መራሒ ጨንፈር ፖሊስ ክፍለ-ሃገር ሓብሩ ኢኹም። beschwerdestelle@police.be.ch ወይ ኣብ ዝቀርበኩም መደበር ፖሊስ።

**ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት እንተላይ ኣብ ስዊዘርላንድ ገሊኦም ጠባያት ክልኩላት እዮም ከምኡ'ውን ዘቕጽዑ እዮም፣ ንኣብነት፥**

- ጾታዊ ምስርጣይ ብቃላት፣ ብወስወስታ ወይ ብተግባር ዘቕጻዕ እዩ፤ ኣብ ኣንስትን ኣዋልድን ኣወዳትን ሰብኡትን። ካብ ከምዚ ዚኣመሰለ ንነብስኹም ካብ ከምዚ ዓይነት ምስርጣይ ተኸላኸሉላ ከምኡ'ውን ሓገዝ ድለዩ ኢኹም።
- ሕብረተሰብና ዝኾነ ዓይነት ጐነጽ ኣይጽመምን እዩ - ዋላ ኣብ ገዛ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት። ኩሉ ሰብ ንፖሊስ ክሕብር ይኽእል - ዋላ ንስኹም፣ ጐነጽ እንተ ደኣ ትርእዩ ወይ ትሰምዑ ኮንኩም - ንኣ. ካብ ገዛ ጎረበት!
- ኣብ ስርቅን ጉድኣት ንኣቕሑን እዚ ዝስዕብ ይምልከተኩም ኢዩ፥ ናትኩን ዝኾነ ነገር ሕጂ እውን ናትኩም ኢዩ።

**ግዳይ ወይ ምስክር ናይ ሓደ ገበን እንተኾንኩም፣ ንፖሊስ ደውሉሉ (ተል. 112 ወይ 117፣ ነጻ)። ምሉእ መዓልቲ ንርከብ ኢና።**



# ኣገደስቲ ቁጽርታት ተለፎን

**ኣብ ህጹጽ ኩነታት፥**

ፖሊስ ........ **112 ወይ 117**

ርክብ ተለፎን ፖሊስ ንኣንስቲ
**(ዝምልሽ ማሺን ተለፎን፤ ሓንቲ ፖሊስ ክትምልሽ'ያ)** ........ 031 332 77 77

ኣምቡላንስ/ሓለዋ ጥዕና ........ **144**

**ብዛዕባ ዘቤታዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ፖሊስ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ካልኦት ናይ ምምካር ወፈያታት ተቐሪቦምልኩም፥**

ሓገዝ ንግዳይ በርን ........ 031 370 30 70

ሓገዝ ንግዳይ ብየል ........ 032 322 56 33

**ላንታና (ጾታዊ ዓመጽ) በርን** ........ 031 313 14 00

**ቪስታ (ጾታዊ + ዘቤታዊ ዓመጽ) ቱን** ........ 033 225 05 60

ዝምህር መደብ ንዓመጸኛታት፥ ናይ በርን
ጨንፈር ጣልቃ ኣንጻር ዘቤታዊ ዓመጽ ........ 031 633 50 33

**ኣብዚ ሓፈሻዊ ምኽርን ከምኡ'ውን
ሕጋዊ ምኽርን ክትረኽቡ ትኽእሉ፥**

ISA - **ቤት-ጽሕፈት ሓበሬታን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎትን
ንናይ ወጻእተኛታት ሕቶታት** ........ 031 310 12 72

ቤት-ጽሕፈት ሕጋዊ ምኽሪ በርን
ንኣብ መከራ ዘለው ሰባት ........ 031 385 18 20

ስዊዘርላንድ፡፡ ረድኤት ስደተኛታት ........ 031 370 75 75

gggfon - ብሓንሳብ
ኣንጻር ዓመጽን ዘርእነትን ........ 031 333 33 40

ሓገዝ ዑቕባ በርን ........ 031 382 52 72

CSP Berne-Jura ........ 032 493 32 21

**ብዛዕባ ብሓባር ምቕማጥ በዝን ብካልኦትን ቋንቋታት ኣብ ናይ ኢንተርነት መርበብና ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥**
**www.police.be.ch**


**Bern Cantonal Police**
Waisenhausplatz 32
3011 Bern


401.647